**ወለዲ ክንደይ ይኸፍሉ?**

እቲ ቆልዓ ከም ናይ ‹‹ጀርመንኛ ንትምህርቲ›› ኣካል ብምኳን ናይ ቋንቋ ደገፍ ይረክብ እንተድኣ ኮይኑ ንሓደ ቆልዓን ሰሚስተር Fr. 300 ይኸፍል።

**ምዕባይ ቆልዑ እንታይ ማለት እዩ?**

ደቆም ኣብ ‹‹ጀርመንኛ ንትምህርቲ›› ዝሳተፉ ወለዲ ኣብ 2023/2024 ናይ ትምህርቲ ዘመን ኣብ ሸሞንተ ናይ ወለዲ ትምህርታዊ መድረኻት ንምስታፍ ይሰማምዑ። ናይዞም መድረኻት ዕላማ ድማ ወለድን ደቆምን ንኪንደርጋርተን ድልዋት ንምግባር እዩ። ናይ ምዕባይ ክእለት ይጠናኸርን እቶም ህፃናት ድማ ኣብ ገዝኦም መፅናዕታዊ-መሰረት ዝገበረ ፍልጠትን ፀወታ ንክፃወቱ ይተባብዑ። ናይ መዋለ ህፃናት መምህራን ድማ እቶም ቆልዑ ናብ ኪንደርጋርተን ቅድሚ ምእታዎም ምስ ወለዲ ብምርኻብ እምነት ምህናፅ ይጅምሩ። ናይ ወለዲ ትምህርቲ ቀረብ ድማ ናይ ጀርመንኛ ፍልጠት ዘይብሎም ዝሰርሑ ወለዲ እውን ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። ናይ ወለዲ ትምህርቲ ብናፃ ዝወሃብ እንትኸውን ክንክን ህፃናት እውን ይቐርብ እዩ።

**ናይዚ መደብ ማነጅመንት** «ጀርመንኛ ንትምህርቲ»:


**ሳብሪና ሊብ**

Schulweg 8
7430 Thusis
079 428 79 32

deutschschule@schule-thusis.ch


GEMEINDE
THUSIS

# ጀርመንኛ ንትምህርቲ

## ኪንደርጋርተን ቅድሚ ምእታው ክልተ ዓመት ኣቐዲምካ ጀርመንኛ ምምሃር

---

## ሓበሬታ ንወለዲ

ለካቲት 2022

ኣብ ሓሙሽተ ዓመቶም ናብ ኪንደርጋርተን ክኣትው እንከለው እቲ ህጻን ብጀርመንኛ ክረዳዳእ ይኽእል። እቲ ህጻን እኹል ናይ ጀርመንኛ ፍልጠት ምስዘይህልዎ ምምሕዳር ከተማ ቱሰስ መባእታዊ ናይ ቋንቋ ሓገዝ መደብ ክህቦ እዩ። ክልተ ዓመት ቅድሚ እቲ መዋለ ህጻናት እቶም ህጻናት ኣብ ሓደ መንፈቕ ዓመት ን15 ሰሙናት ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ ኣብ ካዚስ ኣብ ሴንት ካተሪና ቤት ትምህርቲ ክንክን ይግበረሎም። ኣብቶም ሓገዝ ዝግበረሎም ዓመታት ወለዲ ኣብቲ ናይ ህጻናት መደብ ትምህርቲ ዝሳተፉ ኮይኖም ንውላዶም ብንቕሓት ይሕግዙ።

## ቅድሚ ኪንደርጋርተን ጀርመንኛ ምምሃር ንምንታይ?

ፍለጠት ጀርመንኛ ኣብ ትምህርቲ ዕውት ክትከውን ኣገዳሲ እዩ። ትሑት ጀርመንኛ ዝዛዘረቡ ወይ ጀርመንኛ ምዝራብ ዘይክእሉ ትምህርቲ ኣብ ዝጅመረሉ እዋን ካብቶም ጀርመንኛ ምዝራብ ዝኽእሉ የዕርኽቶም ዝኸበደ ኩነታት የጋጥሞም። ብዙሕ እዋን ናይ ትምህርቲ ውጽኢቶም ትሑት ይኸውን። ነዚ እውን ቅድሚ መዋለ ህጻናት ምጅማሮም ጀርመንኛ ምምሃር ኣገዳሲ ዝኸውን።

ቤት ትምህርቲ ቱሲስ ኣብ ሕሉፍ ብዙሓት ህጻናት እኹል ቋንቋ ጀርመንኛ ከይፈለጡ መዋለ ህጻናት ከምዝጅምሩ ተሞክሮ ኣለዎ። ስለዝኾነ ምምሕዳር ከተማ ቱሲስ ንህጻናት ዝኸውን ፍሉይ ሓገዝ ኣዳልዩ ኣሎ። ቤት ምኽሪ ከተማ ቱሲስ ኣብ 19 ሕዳር 2018 ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ጀርመንኛ ንትምህርቲ ዝብል መደብ ኣጸዲ ዘጽደቐ ኮይኑ ኣብ 16 ታሕሳስ 2019 ንክልተ ዓመታት ኣናዊሕዎ ኣሎ።

## ኣናእሽተ ቆልዑ ብከመይ ጀርመንኛ ይመሃሩ?

ኣናእሽቱ ህጻናት ኣብ ዕለታዊ ኩነታት ምስሓበሓብቶምን መሓዘቶምን ብዝህልዎም ርክብ ቋንቋ ይመሃሩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሴንት ካተሪና ዘለው ስፔሻሊስትስ ብፍሉይ ዝሰልጠኑ ኮይኖም ኣብ ዝተነጸረን ብጸወታ መልክዕን ናይ ቋንቋ ምዕባይ ከይዲ የማዕብሉ።

ቋንቋ  ጀርመን ካብ ምምዕባል ብተወሳኺ ኣብ ከምዚ ዓይነት መደብ ምስታፍ ኣድላይ ዝኾነሉ ተወሳኺ ምኽንያት ኣሎ። ኣብዘም ቀረባት እቶም ህጻናት ብሓባር ይመሃሩ፤ ናብ ጉጅለ ይጽምበሩን ማንነቶም የማዕብሉን ከምኡ እውን ዝበለጸ ናጻ ይኾኑን። ኣብ ሓፈሻዊ ሓገዝ ንህጻናት ዝትግበር ጸጋ ድማ ኣሎ።

## ሓደ ህጻን እኹል ቋንቋ ጀርመን ምዝራብ ከምዝኽእል ብከመይ ምፍላጥ ይከኣል?

ናይ ዩንቨርሲቲ ባሴል ኤክፐርታት ሳይንሳዊ ብዝኾነ ኣገባብ መሕታት ኣዳልዮም ኣለው። እዚ ድማ ወለዲ ዋላ እኳ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ኣይኹኑ ናይ ውላዶም ክእለት ቋንቋ ጀርመንኛ ክግምግሙ የኽእሎም። እቲ መሕትት ብብዙሕ ቋንቋታት ተዳልዩ ይርከብ። ኪንደርጋርተንንክኣትው ክልተ ዓመት ፈረቓን ናይ ዝተረፎም ህጻናት ወለዲ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝካየድ ናይ ሓበሬታ ኩነት ዝውሃብ ኮይኑ ብሓባር ድማ ይመልእዎ። ኣብቲ ኩነት ዘይተሳተፉ ወለዲ እቲ መሕትት ይልኣኸሎም።

እቶም መልስታት ምስ ዩኒቨርሲቲ ባሴል ብምኻን ይግምገሙ። ወለዲ ኣብ ወርሒ መጋቢት ብዛዕባ እቲ ውጽኢትን ካልእ ከይድን ብማኔጅመንት እቲ መደብ ብጽሑፍ ክፈልጡ ይግብር። እቲ ገምጋም ናይቲ ህጻን ክእለት ቋንቋ ንኪንደርጋርተንብቑዕ እንተድኣዘይኮይኑ ኣብ "ጀርመንኛ ንትምህርቲ መደብ" ንክሳተፍ ማዕዳ ይውሃብ።

## ማዕዳ –  ሕጂ ኣንታይ ይግበር?

እቲ ህጻን ቋንቋ ጀርመንኛ ንክመሃር ማዕዳ እንተድኣረኺቡ ወለዲ ኣብዚ መደብ ንክሳተፍ ብጽሑፍ ከመዝግብዎ ኣለዎም። እቲ ናይ "ጀርመንኛ ንትምህርቲ"መደብ ማኔጅመንት ኣብዚ ጉዳይ ነቶም ወለዲ ይሕግዞም። ናይቲ መሕትት ገምጋም ምስ ናይ ኤክስፐርታት ዳህሳስ እንተድኣዘይገጢሙ እቶም ህጻናት ካብቲ መደብ ወጻኢ ክግበሩ ይኽእለ።

## ውላደይ ንክንደይ እዋን ዝኣክል ክመሃር ይግባእ?

እቲ መደብ ህናጽናት ክልተ ዓመት ቅድሚ መዋለ ህጻናት ምእታዎም ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ ኣብ ኣብ ሓደ ሰሚስተር 15 ሰሙን ክመሃሩ የገድድ። ስሩዕ ተሳትፎ ግድን እዩ። ናይ ምምሕዳር ከተማ ቱሲስ ናይ ቤት ትምህርቲ በዓላት ይፍጸሙ። እቲ ህጻን ብስሩዕ እንተድኣዘይሳሠፍ ኮይኑ እቶም ኣሳሰይቲ ነቲ ናይ መደብ ማኔጅመንት ከምዘፍልጥ ወለዲ ተስማዕሚያም ኣለው።